# ምሕጽንታ፡ ናብ ፕረሲደንት ባራክ ኦባማ!

ከም ኤርትራውያን ኣመሪካውያን መጠን፡ ነዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብናን ሃገርናን፡ ብዘይ ሓደ ጭብጥን መርትዖን፡ ሕግን ኣገባብን ጓዕጺጽካ ዝውሰድ ዘሎ ተደጋጋሚ ዓመጽን ሃሰያን ውሳኔታት ቤት ምኽሪ ጸጥታ፡ ኣትሪርና እናተቓውምናን እናነጸግናን፤ ፕረሲደንት ኦባማ፡ ነቲ ብወኪሉ ዝግበር ዘሎ ገበናዊ ተግባራት፡ ኣቓልቦን መዓልቦን ክገብረሉ፡ ነቲ ጉዳይ ብዕቱብ ክርእዮን ከይ ወዓለ ከይሓደረ ኣራሚ ስጉምቲ ክወስድን፡ ክንሓትት መሰልናን ግቡእናን እዩ።

ከምኡ እውን ቅድሚ ምምራጹ ነቲ ዝተማባጽዮ ናይ “ሃናጺ ጽምዶ” ትስፉው ጎስጓሱ፡ እዚ ሕጂ ብሰብ መዚ ምምሕዳሩ ዝግበር ዘሎ ጸረ ሰላም ምንቅስቓሳት፡ ብኣፋልጥኡ ይግበር ምህላውን ዘይምህላውን ንምፍላጥ ዝብድህ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ስጉምቲ ምዃኑ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ኣመሪከዊ ዜጋ ኣቶኩሮ ክገብረሉ፡ ኲሉ ፈታው ሰላምን ርግኣትን ቀርኒ ኣፍሪቃ ክከታተሎ ዘለዎ፡ ዝሓትት ምሕጽንታ ምዃኑ ብዕምቆት ምፍላጥ።

በዚ መሰረት፡ እቲ መስርሕ ናይ’ዚ ምሕጽንታ ወይ ፐቲሽን፡ ብዝቐልጠፈ ናህሪ ክዕመም፡ እቲ ዝድለ ዘሎ ቁጽሪ ኣብ’ቲ ዝተባህሎ ዕለት ብጽፈትን ብዓወትን ክዛዘም፡ ነፍሰ-ወከፍና ኣበርቲዕና ክንቀሳቐስ ለበዋ ዘየድልዮ ሃገራዊ ተልእኾ እዩ። ካልኦት ኣካላት ፈተውትን ክጽንበርዎ ምጉስጓስ ከድሊ እዩ። ንዝዕጸወሉ ዕለት ድማ 31 ታሕሳስ 2011፡ እኸውን።

እዚ ምሕጽንታ እዚ ምስ’ዚ ዝሓለፈ ናይ 5 ታሕሳስ 2011 ውሳነ ዘራኽብ የብሉን፤ ከምኡ ስለ ዝኾነ ኣእኪሉ ማለት ኣይኮንን። እዚ ብውሳነ 2023 ዝፍለጥ ንሹድሽተ ወርሒ ግዜ ክርእ ተባሂሉ ዝተወሰነ ድኣ ይኹን እምበር፡ ድሕሪኡ እንታይ ዓይነት ሓሶታት ከምዝኸዕቱ፤ ገና ዝጽበየና ዘሎ ስራሕ ስለ ዝኾነ።
ነኒዝመጸ ሽርሕን ተንኮልን ከከም ኣመጻጽእኡ፡ በቲ ውህሉል ተመክሮ ናይ’ዚ ወረጃ ህዝቢ ተመኪቱ ዝተሳዕረ፡ ሎሚ እውን ከም ቀደም እቲ ዘሕብን ታሪኽ ክድግም ኣለዎ።

ምኽንያቱ ሓድሽ ዘይንፈልጦ ናጫባ ዝወረደ ጋሻ ኣይኮንን፡ ናይ’ቲ ዝሓለፈ መቐጸልታ እዩ። ሰልዚ ንኺድ ጥራይ። ሓድነትና ሓያል መሳርያና፡ ንቕሓትና ብልጫና፡ ዋሕስ ዓወትና።

## እምብኣርከስ፡ እቶም ገና ነቲ ቕጥዒ ፐቲሽን መሊእና ዘይልኣኽና ዘሎና ቕልጡፍን ሓያልን ጻዕሪ ክንገብር እግባእ፡ ኣዝዩ ወሳኒ ስለ ዝኾነ።

ንነበርቲ ተቐማጦ ዋሽንግቶን ዲስን ከባቢኡን፡ ንምምልኡ ሓገዝ እንደሊ ድማ፡ ኣብ 600 L Street NW. (ቀዳምን ስንበትን) ካብ ሰዓት 1፡00 ድ፡ቀ ክሳብ ምሸት ሰዓት 8፡00 እናመጻና ክንመልእ ከም እንኽእል ክንሕብር ንፈቱ።




ገለ ካብ ኣባላት ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተ ኣብ ስራሕ ከለዉ፡ ዋሽንግቶን ዲሲ።

**ዓወት ንሓፋሽ!**

**ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተ፡ ዋሽንግቶንን ከባቢኡን፡**